## ብመሰረት ሕጊ ሲያትል

# ኣድልዎ ዝመልአ መጥቃዕቲ

### ኽብሃል ከሎ እንታይ ማለት ምኳኑ ኽትፈልጦ ዘሎካ

ኣድልዎ ዝመልአ መጥቃዕቲ ወይ ዓመጽ ክብሃል ከሎ: ኑቲ ሲቪላዊ መሰልካ ዝጥሕስን ብምኽንያት ዓሌትካ: ሃይማኖትካ: ጾታኻ ከምኡውን/ወይ ጾታዊ መንነትካ: ጾታዊ ዝንባለኻ: ስንክልናኻ: ዜግነትካ: ከምኡው ካልእ ክኸውን ይኽእል። እቲ ዓመጽ ነዚ ዝስዕብ ከጠቓልል ይኽእል፦ **ምጉብዕባዕ: ምጥቃን: ወይ ሕማቕ ሳጓ ምውጻእ: ምፍርራሕ ወይ ምግዳድ: ዓመጽ ወይ ሓይሊ ምጥቃም: ንብረት ብምልሻው ወይ ብኢንተርነት ተጠቒምካ ምድንዳን።**

- **ኣብ ሲያትል ኣድልዎ ዝመልአ መጥቃዕቲ ገበን እዩ።**
- **ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ቤቱ: ኣብ ስራሑ: ወይ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ካብ ኣድልዎ ዝመልአ መጥቃዕቲ ዕቑባ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።**
- ኣድልዎ ዝመልአ መጥቃዕቲ ሪፖርት ምግባር ኣዝዩ ቐሊል እዩ። (SOCR: ናብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ መሰላት ሲያትል) ብምድዋል ጀምር።
- **ሪፖርት ክትገብር ከለኻ: መንነትካ ኽሕለወልካ ይኽእል እዩ።**
- SOCR **ኣድልዎ ዝመልአ ጠባይ ደው ከም ዝብል ኣብ ምግባር ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።**
- **ኣካላዊ ዓመጽ: ንብረት ምብልሻው ወይ ከኣ ምፍርራሕ: ኑቲ ምስ መቕጻዕቲ ገበን ዝተሓሓዝ ሕጊ ዝጥሕስ ስለ ዝኾነ: ብቐጥታ ናብ ፖሊስ 911 ኢልካ ብምድዋል ሪፖርት ክግበር ይኽእል እዩ።**

SOCR *ንዓኻ ኣብ ቤትካ: ኣብ ቦታ ስራሕካ: ወይ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ኣድልዎ ዝመልአ መጥቃዕቲ ኸየጋጥመካ ዝከላኸል ሕጊ ዝትግብር ኣካል እዩ።* (SPD: *ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ሲያትል*) *ንዓኻ ኻብ ከቢድ መጥቃዕቲ ዝከላኸል ከምኡውን ከም ገበን ጌርካ ዘይርኣዩ ግናኸ ብመዝገብ ዝተሓዙ ተግባራት ዝከታተል ሕጊ ዝትግብር እዩ።*

**206.233.7100** ተጠቒምካ ናብ SOCR ብምድዋል ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኣድልዎ ዝመልአ መጥቃዕቲ ሪፖርት ግበር።

ብኣድልዎ ብዛዕባ እተገብረ ገበን **911** ተጠቒምካ ናብ ፖሊስ ብምድዋል ሪፖርት ግበር።

Seattle
Office for Civil Rights

SEATTLE
POLICE

http://www.seattle.gov/civilrights

http://www.seattle.gov/police/safety/harassment/